# ***<u>ሕንቅሊሕንቂሊተይ ሰዓብቲ ጁንታን ሃሱሳትን፡</u>***

*እዚ ኣብዛ ስእሊ ዘሎ ዓይነት ሓሰኻ ዓራዛዝነ ተበሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ግዜ ክረምቲ ጥራሕ እዩ ሂወት ዘለዎ። ሓጋይ ከኣቱ ከሎ ኣብ ውሽጢ በዓቲ ወይ መንቀራቕሮ ቦታ ይመወት። ኣዕጽምቱ ፋሕ ብትን ይብል።*



*ብሳይንስ ዘይተደገፈ ኣበሃህላ ብዛዕባ እዚ ዓራዛዝነ ክረምቲ ክኣቱ ከሎ እቲ ፋሕብትን ኢሉ ዝነበረ ኣዕጽምቱ ዳግም ተኣኻኺቡ ሂወት መሊሱ ይትስእ ይበሃል። ኣምለኽቲ ጁንታን ሃሱሳታን እዚ ዓይነት እምነት እዩ ዘለዎም። ነዛ ኣብ ባዓቲታት ሂወታ ሲኢና ነብሰ ስግኣ ፋሕ ብትን ዝበለ ጁንታ ከም ብሓድሽ ከምዚ ናይ ዓራዛዝነ ዝውረየሉ ትንፋስ ክትመልስ እያ ኢሎም ይጽበዩ ኣለዉ። እዛ ብመርገም ህዝቢ ቅዝፈት ዝተፈርደት ጁንታ፡ ሂወታ ይትረፍ ፍልስፍንኣ ምስኣ ተደምሲሱ እዩ። እዞም ሕጂ ስለኣ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለዉ ንግዚኡ እዮም። ከምቲ ሰብ ምስ ሞተ ትበክን ትጉህን ድሕሪ ግዜ ትርስዖ፡ እዚኦም ከኣ ልክዕ ኮምኡ እዮም። ታሪኽ ግን ንክፉእ ተግባራቶም ኣይክርስዖምን እዩ። ሓሳባቶምን ምንቅስቓሶምን ዕምሩ ክኣክል ሓሶቶም ብዘይ ወዓል ሕደር ምቅላዕ'ዩ። ኩቡር ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣብ ቃለ ማሕተቱ ኣብታ ናይ መወዳእታ ጋዘጠኛ ዓበ ዝሓተቶ ሕቶ ዝሃባ መልሲ "ክተት" ኔሩ። እወ ንኽተት ሓሶት ዑሱባትን ደገፍቲ ጃንዳ ንምፍሻል። ንልምዓትን ብልጽግና ሃገርናን ንኽተት።*

*ክብርን ንባሪ ዝኽርን ንሰማእታትና፡*
*ምጎስን ጻማን ንምክልኻል ሓይሊታትና፡*
*ሙሉእ ጥዕና ህዝብና፡*
*ዓወት ንሓፋሽ፡*
*ገብረንጉስ መስመር።*